ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ራያ ኣላማጣ ካብ ኤች ፒ ፕሮግራም ዝተረከበ በጀት ኣብ ጣብያ ሴለሌዋ ቁሸት ገደራ ፍሉይ ቦታ ሽፈራው መሌ ንዝስራሕ ሄድዎርክ ፊኒሺንግን ካናል ዎርክን ብቁዓት ናይ ማይ ኮንትራክተራት አወዳደዲሩ ከስርሕ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ መጋቢት 4, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መጋቢት 11, 2011 3:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:15000
- ቦታ:ራያ ኣላማጣ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መጋቢት 11, 2011 3:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ስራሕቲ ማይ/ ማይ ኻዕቲን ኢንስታሌሽን/

1 ነቲ ስራሕ ዝምልከት ናይ 2011ዓ/ም ፍቃድ ንግዲ ዝሐደሰን በቲ ዘፈር ዝተመዝገበ ፣መለለዩ ቁፅሪ ከፋላይነት ግብሪ ዘለዎን ፣ዝተሐደሰን መቅረባይነት ዘቅርብ፤

2 ተመዝጋቢ ቫት ዝኮነ ብእዋኑ ፀብፃብ ዝገበረሉ መረዳእታ ከቅርብ ዝክእልን፤ናይ ወርሒ ጥሪ 2011ዓ/ም ቫት ዲክለር ዝገበሩ፤

3 መክበሪ ጨረታ 15,000 ቅርሺ ብጥረ ገንዘብ ወይ ሲፒኦ ከትሕዝ ዝክእል

4 መከበሪ ውዕሊ 10 ሚኢታዊ ከትሕዝ ዝክእል፤

5 ሰነድ ጨረታ 50.00 ቅርሺ ብምኽፋል ካብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ራያ ኣላማጣ ካብ ሶኒ ክሳብ ዓርቢ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ምዉሳድ ይከኣል።

6 ሰነድ መረዳእታ ሓደ ዋናን ክልተ ቅዳሕን ከቅርብ ዝክእል፤

7 ቤት ፅሕፈትና ቅደመ ክፍሊት ዘየክፍል እንትከውን ሰዓራይ ናይ ዝሰርሖ 50 ሚኢታዊ ምስበፅሐ 1ይ ክፍሊት ዝፍፀመሉ ኮይኑ ናይ ዝከፈሎ ናይ መወዳእታ ክፍሊት ድማ ፕሮጀክት ምስ ኣረከበ ዝክፈሎ ይከውን፤

8 ጨረታ ዝክፈተሉ ዕለት 11/07/2011 ዓ/ም ንጉሆ ሰዓት 3፡00 ተዓፅዩ ኣብቲ ዕለት ሰዓት 3፡30 ባዕሎም ወይ ሕጋዊያን ወከልቶም ኣብ ዝተረከብሉ ኣብ ወረዳ ራያ ኣላማጣ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ይኸዉን።

9 ሰነድ ክሳብ 10/07/2011ዓ/ም ሰዓት 11:00 ዝሸወጥ ኮይኑ እቲ ፕሮጀክት ኣብ ውሽጢ 80 ተከታተልቲ መዓልታት ሰሪሑ ዘረክብ፤

10 ነቲ ፕሮጀክት ንምስራሕ ዝወዳደሩ ተወዳደርቲ ኣብ ኩሉ ደረጃ ዝርከቡ ናይ ማይ ኮንትራክተራት ይኮኑ፤

11 እቲ ቤት ፅሕፈት ዝሓሸ ኣመራፂ እንተረኪቡ እዚ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle